# ኣንጎድጓዲ ድምጺ ሲያትል
# ውሳኔታት ህዝባዊ መኸተ

ሎሚ መዓልቲ፡ ቀዳም፡ ፳፪ ታሕሳስ 2007፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሲያትልን ከባቢኣን፡ ኣብ ዝተጋባእናሉ ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ፡ -

- "ቅድም ቀዳድም ውሕስነት ሃገር"
  "ሕጂ'ውን ድልዋት ንኹሉ እንተታት"
  "ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ"
  ኤረና ብሌን ዓይንና፡ ሓድነትና ኩነ ጽንዓትና!
  በዕጽምቲ ጀጋኑ ንዝተሃንጸት ሃገርና ዝደፍር ሓይሊ ወይልኡ!

ኣብ ዝብል ጭርሖታት፡ ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ድሕሪ ምክያድ፡-

- ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ብግብረ ሽበራ ጠቂንካ፡ ፍናንን ኣበርክቶን ህዝብናን ንምቕጻይ፡ ዘይተኣደነ ስነኣእሙራዊን ፖለቲካውን ኩናት ከተካይድ ምጽናሓን ምህላዋን ብምዕዛብ፡
- ከዳሚ ስርዓት ጭፍራ ወያነ፡ ብሰንኪ ስቕታ ሕብረተሰብ ዓለምን፡ ምትብባዕ መንግስቲ ኣመሪካን፡ ንሕጊ ጎዕጺጹ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ንኸየተግበር ዝፍትኖ ዘሎ መሰናኽላት፡ ከምኡ'ውን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክህድድን ክፈላልን ፈቲኑ ክሰልጦ ስለዘይከኣለ፡ ናይ ቀቢጸ-ተስፋ ዘዝምዖ ዘሎ ዳንኬራ ኩናትን ፈኸራን ብምግንዛብ፡-
- መንግስቲ ኤርትራ ብመደብ "ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ" ዘሰላስሎ ዘሎ ዕዉት ልምዓታዊ መደባት፡ ከምኡ'ውን ሓይልታት ምክልኻልና ምክልኻልን ምህናጽ ሃገርን ብሓደ እዋን፡ ብዘስደምም ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝገብርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ብኣድናቖት ብምዕዛብ፡-

ንሕና ተቐማጦ ሲያትልን ከባቢኣን፡ ነዘን ዝስዕባ ውሳኔታት ነሕልፍ፡ ኣሎና፡-

፩ይ) ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስን ብይን ኮሚሽን ዶብን እንተዘይኮይኑ፡ ብኻልእ መተካእታ ዝበሃል ሃለውለው ንምፍትሑ ዝግበር ኩሉ ፈተነታት ኣጥቢቕና ንኹንን።
፪ይ) ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ብፍላይ ከኣ መንግስቲ ሕ.መ. ኣመሪካ፡ "ውሕስነት" ንዝኣተወቶ ቃል ኣኽቢራ፡ ዝተሰከመቶ ሓልፍነት ብዝግባእ ተጠቒማ፡ ኣወንታዊ ግዴኣ ከተበርክት ንጽውዕ።

፫ይ) ኑታ ንገዛእ-ርእሳ ግዳይ ግብረሽበራ ዝኾነት ሃገር፡ እሞኸአ ኣንጻር ግብረሽበራ ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሪዓ እትቃለስ ዘላ ሃገረ-ኤርትራ፡ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝግበረላ ዘሎ **ዘይተኣደነን ዘይምኽኑይ ጠቕነን፡ ብትሪ ንነጽግ።**

፬ይ) መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ክኽተሎ ዝጸንሐ ግጉይ ፖሊሲ ኣብቂዑ፡ **ኣብ ሽርክነትን ማዕርነትን ዝተመርኰሰ ክልተኣዊ ዝምድና ክምዕብል ንጽውዕ።**

፭ይ) መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራትን፡ ኣብ ኣሓት ዝኾኑ ህዝብታት ሱዳንን ሶማልን ድማ ብፍላይ፡ **ሓፈሻዊ ምርግጋእን ነባሪ ሰላምን ንምርግጋጽ ዘካይዶ ዘሎ ዘይሕለል ጻዕርን ሓየት ዲፕሎማስያዊ ኣተኣልላልያን ኣገናዕ ንብል።**

፮ይ) ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሑጻ ዝተደኮነ ውህደት ዘይኮነስ፡ ኣብ ከውሒ ዝተሰረተ ከም ዓረ ዝተረረ ሓድነት-መትከል-መላእ-ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ነዚ ሓድነት'ዚ **ንምምልልሑን ንምብትታኑን ዝግበር ኩሉ ከንቱ ፈተነታት ኮነ፡ ናይ ቀትሪ ሕልምታት ጸላኢ በኒኑ ከምዝተርፍ ንኣምን።**

፯ይ) ህዝቢ ኤርትራ ካብ ድኽነትን ድንቊርናን ሕማምን ንኽናገፍ ዘካይዶ ዘሎ፡ **ዕዉት መደባት ልምዓት "ዋርሳይ- ይከኣሎ" ነሞግስ።**

፰ይ) ምክልኻል ሓይልታትና፡ በቲ ሓደ  ወገን ሃገሮም ንኸይትድፈር ኣብ ሓለዋ ተጸሚዶም፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ሃገር ንምህናጽ ኣብ **ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕሪ እንዳኣደነቕና፡ ኣብ ጎኖም ምህላውና ብሓበን ነረጋግጽ።**

፱ይ) ጭፍራ ወያነ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንኽፈላሊ ዘካይዶ ዘሎ ኩሉ ፈተነታት ከንቱ ምኳኑ ተገንዚቡ፡ ሕጂ ናይ ዓቕለጽበት መደረን ዳንኬራ ኩናትን እንተንፍሐ፡ ከም'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ኩሉ፡ ንሕና ኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን'ውን፡ ድምብርጽ ከይበለና፡ **ንኹሉ ክመጽእ ዝኽእል ተጻብኦታት ኣብ ጎኒ መንግስትናን ሓይልታት ምክልኻልናን ኰይና ክንምክት ድልዋት ምኳና ደጊምና ደጋጊምና ከነረጋግጸሎም ንፎቱ።**

፲ይ) ብመንግስትን ህዝብን ምዕብልትን ዘይትድፈርን ሃገር ንምምዕባል ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ እንዳነኣደና፡ **በዚ ኣጋጣሚ ግብራዊ ምትሕብባርና ንምምስካር፡ ነፍሲወከፍና USD 500 ዶላር ክንውፊ ቃል ንኣቱ።**

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና
ሞጎስ ንምክልኻል ሓይላት ሃገርና
ዓወት ንሓፋሽ

ሲያትል ፳፱ ታሕሳስ 2007 ዓ.ም.